ሓዱሽ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 24
ታሕሳስ 2020

## ካብ ዕለት 14 ታሕሳስ ጀሚረ ኣብ ግብሪ ዝውዕል ተረርቲ ሓፈሻዊ ለበዋታት

ካብ ዕለት 14 ታሕሳስ ጀሚሩ " ተረርቲ ሃገራውያን ንኡስ ሕግታትን ሓፈሻዊ ለበዋታትን " ኣብ ግብሪ ክውዕል እዩ። ንሶም ብዛዕባ ኩሉ ሰብ ምስፍሕፋሕ ኮሮና ንምውጋድ ሓላፍነት ክህልዎ ዝብሉ እዮም።

ኩሉ እዚ ሕብረተ ሰብ : ውልቀሰባትን ወነንቲ ትካላትን ናይ ግድን ምስፍሕፋሕ ከወግዱ ኣለዎም። ከምኡ ክገብሩ እውን ሓላፍነት ኣለዎም።




ኣብ ግዜ ጽንብል በዓላት እውን ግብራዊ ይኸውን። ሕጂ ልደትን ሓድሽ ዓመትን ይመጽእ ኣሎ። ሽዑ ብዙሓት ክራኸቡ ይደልዩ። ንመን ንረክብ ግን ዶብ ምግባር ልዕሊ መጠን ኣገዳሲ እዩ። ዝበዝሑ ሰባት ብዝረኸብካ መጠን ኮቪድ-19 ክትሓምም ዘለካ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ሰብ ምስ ውሑድ ጉጅለ ጥራይ ክራኸብ ኣለዎ። ብዙሓት ጉጅለታት እውን ክትረክብ የብልካን።

Krissamverkan Kalmar län

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**
እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ይመጽእ። ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ: ዞባ ካልማር: ባይቶ ኣውራጃ ካልማርን ካልኦት ኩሎም ሰበስልጣናት ናይዚ ኣውራጃን እዩ። ኣብ ግዜ ቅልውላው ናይዚ ሕብረተሰብ ብሓባር ንውስንን ነንሕድሕድና ንተሓጋገዝን።

facebook.com/krissamverkan.kalmar

VÄSTERVIKS KOMMUN